## ዳዊት 126

1 እግዚኣብሄር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሶም፣ ከም ሓለምቲ ነበርና።
2 ሽዑ ኣፍና ብሰሓቕ፣ መልሓስናውን ብእልልታ መልኤ። ሽዑ ኣህዛብ፣ ነዚኣቶም እግዚኣብሄር ዓብዪ
ግብሪ ገይሩሎም፣ ተባሃሀሉ።
3 እግዚኣብሄር ዓብዪ ግብሪ ገበረልና፣ ንሕናውን ተሐጐስና።
4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ንወሓይዝ ደቡብ ጌርካ ንምሩኻትና ምለሶም።
5 ብንብዓት ዚዘርኡ ብእልልታ ይዐጽዱ።
6 ዘርኢ ተሰኪሙ ብብኽያት ይወፍር፣ እንዳእቱ ተሰኪሙ ብእልልታ ይምለስ።

## ሮሜ 6

19 ስለ ድኻም ስጋኹም በዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ፡ ከምቲ ንርኽሰትን ግፍዕን ናብ ምፍራስ ሕጊ
ኣካላትኩም ንባርነት ዝወፈኹም፡ ከምኡ ድማ ሕጂ ንጽድቂ ናብ ቅድስና ኪግዛእ፡ ኣካላትኩም ወፍዩ።
20 ባሮት ሓጢኣት ከሎኹምሲ፡ ካብ ጽድቂ ውጹኣት ሓራ ኢኹም ዝነበርኩም።
21 መወዳእታኡ ሞት ስለ ዝኾነ፡ በዚ ሎሚ እትሐፍሩሉ ዘሎኹም እንተ ዘይኰይኑስ፡ በቲ ጊዜ እቲ
እንታይ ፍሪኡ ነይሩኩም፧
22-23 ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም
ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡
ፍሬኹም ንቕድስና ኾይኑ ኣሎ፡ መወዳእታ ኸኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።

## ሉቃስ 19

1 የሱስ ኣብ ያሪኮ ኣትዩ ብእኣ ሐለፈ።
2 እንሆ፡ ዘኬዎስ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ሓለቓ ተገውቲ እዩ፡ ሃብታምውን እዩ።
3 ንየሱስ ከኣ፡ ኣየናይ ምዃኑ ኪርእዮ ይደሊ ነበረ። ቍመቱ ሓጺር ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ካብ ብዝሒ እቲ
ህዝቢ እተላዕለ ምኽኣል ሰኣነ።
4 ምሕላፉ ብእኣ ነበረ እሞ፡ ቅድሚት ጐይዩ ኪርእዮ ናብ ሳግላ ሐኹረ።
5 የሱስ ድማ ኣብታ ቦታ ምስ በጽሔ፡ ኣንቃዕሪሩ ጠሚትዎስ፥ ዘኬዎስ፡ ሎሚ ኣብ ቤትካ ኽውዕል
ይግብኣኒ እዩእሞ፡ ቀልጢፍካ ውረድ፡ በሎ።
6 ቀልጢፉ ወረደ ተሐጕሱውን ተቐበሎ።
7 እዚ ምስ ረኣዩ ድማ፡ ኣብ ቤት ሓጥእ ሰብኣይ ኪውዕል ኣተወ፡ ኢሎም ኵላቶም ኣዕዘምዘሙ።
8 ዘኬዎስ ከኣ ተንሲኡ፡ ንጐይታ፡ ጐይታይ፡ እንሆ፡ ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ፡ ገለ ዝዓመጽክዎ
እንተሎውን፡ ኣርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ፡ በሎ።
9-10 የሱስ ድማ፡ ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድሕንን እዩ ዝመጸ እሞ፡ ንስኻ ኸኣ ወዲ ኣብርሃም ስለ
ዝኾንካ፡ ሎሚ ነዛ ቤት ምድሓን ኰነላ፡ በሎ።